# ንጉማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት




Basilio Gimo, David Ker

Carol Liddiment

Daniel Berhane Habte

2

ትግርኛ ti



ሓደ መዓልቲ፡ ማንቲለ በቲ ገምገም ፈለግ ይዛውን ነበረ።



ጕማረ’ውን ኣብኡ ነበረት፡ ትዛወርን ገለ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕን።



ጕማረ ነቲ ማንቲለ ኣብኡ ከምዝነበረ ኣይርኣየቶን'ሞ ብወዝቢ ኣብ እግሪ ማንቲለ ረገጸት። ማንቲለ ነታ ጕማረ እናወጨጨ፡ “ኣቲ ጕማረ! ኣብ እግረይ ረጊጽኪ ከምዘለኺ ክትርእዩ ኣይትኽእልን?” ክብላ ጀመረ።



ጕማረ ንማንቲለ ከምዚ ኢላ ይቕሬታ ሓተተቶ፡ “ኣይትሓዘለይ። ኣይርኣኹኻን። በጃኻ ይቕሬታ ግበረለይ!” ማንቲለ ግና ክሰምዕ ኣይከኣለን ንጕማረ ድማ፡ “ደይመደይ ኢልኪ ዝገበርክዮ እዩ! ሓደ መዓልቲ፡ ክትርእዪ ኢኺ! ዕዳኺ ክትፍደዪ ኢኺ!” ክብል ኣንጸርጸረላ።



ማንቲለ ንሓዊ ክረኽቦ ከደ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ “ኪድ’ሞ፡ ጕማረ ሳዕሪ ኽትበልዕ ካብቲ ማይ ምስወጸት ኣንድዳ። ረጊጻትኒ እያ!” ሓዊ ድማ፡ “ጸገም የለን፡ ማንቲለ ዓርከይ። ልክዕ ከም ዝሓተትካኒ ክገብር እየ።” ኢሉ መለሰሉ።



ዳሕራይ፡ ጕማረ ካብቲ ፈለግ ርሒቓ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ “ሸው!” ሓዊ ተባሪዑ ሃልሃል በለ። እቲ ሃልሃልታ ነቲ ናይ ጕማረ ጸጕሪ ከንድዶ ጀመረ።



ጕማረ እናኣእወየት ናብቲ ማይ ክትጐዪ ጀመረት። ኩሉ ጸጕራ በቲ ሓዊ ሓሪሩ እዩ። ጕማረ ብኽያታ ቀጸለት፡ “ጸጕረይ ብሓዊ ነዲዱ! ኩሉ ጸጕረይ ረጊፉ! እዚ ጽቡቕ ጸጕረይ!”



ናይ ጕማሪ ጸጕራ ብምንዳዱ ማንቲለ ተሓጐሰ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ካብ ሓዊ ብምፍራሕ፡ ጕማረ ብፍጹም ካብ ማይ ኣርሒቓ ኣይትኸይድን እያ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ንጉማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Basilio Gimo, David Ker

Carol Liddiment

Daniel Berhane Habte

CC BY